



# Orientation to Ontario

## መንነትካ ምሕላው

ስርቂ መንነት ማለት፡ ሓደ ሰብ ንፋናንሳዊ ረብሓ ክብል ንመንነትክ ክጥቀመሉ እንከሎ እዩ። ካብ ናይ ባንክ ሕሳብካ፡ ገንዘብ ክሰርቁ ይኽእሉ እዮም ወይ ብስምካ ጌሮም ኣገልግሎት ክሬዲት ካርድ ወይ ሞባይል ቴለፎን ክጥቀሙ ይኽእሉ። ስለዚ፡ ገዛእ ርእስኻ ንምሕላው፡ ንውልቃዊ ሓበሬታኻን ሰነዳድካን ብዝግባእ ዓቅቦም።

- Social Insurance Number (SIN ቁጽሪ ማሕበራዊ መድሕን ናትካ)): ክትዕቅቦ ይግባእ። ንሰነዳትካ'ውን ምስ SIN ጌርካ ኣብ ውሑስ ቦታ ኣቐምጦ።
- ናትካ SIN፡ ንኣስራሒኻ፡ መንግስታዊ ኤጀንሲን ፋናንሳዊ ትካላትን ጥራይ ሃቦ።
- ኣገደስቲ ሰነዳት ከም ፓስፖርትን ናይ ወረቐት ስራሕ ኢሚግሬሽን ኣብ ውሑስ ቦታ ኣቐምጦ።
- ሃንደባታዊ ፍጻመ ከጋጥም ስለዝኽእል፡ ናይ ባንክን ክሬዲትን ካርድኻ ወግዓዊ መግለጺታት ብስሩዕ ኣረጋግጽ።
- ፖርቶፈልዮኻ እንተደኣ ኣጥፊእካያ፡ ንክሬዲት ካርድኻ ሰርዞ፣ መለለዪኻ ከምዘጥፍእካ ድማ ቀልጢፍካ ሓብር።

Driver's Licence or Health Card. (ፍቓድ ምምራሕ መኪናኻ ወይ ናይ ጥዕና ካርድኻ) ምስ እተጥፍእ፡ Contact Service Ontario (ንምርኻብ ኣገልግሎት ኦንታርዮ) ተወከስ።

- Social Insurance Number (SIN ቁጽሪ ማሕበራዊ መድሕን ናትካ)) ተሰሪቑ ኢልካ እንተደኣ ሓሲብካ፡ Contact Service Ontario (ንምርኻብ ኣገልግሎት ኦንታርዮ) ተወከስ።

### Cyber Security (ድሕነት ጸጥታ ሳይበር)

Cyber security (ድሕነት ጸጥታ ሳይበር) ማለት፡ ብኸመይ ናይ ኦንላይን ሓበሬታኻን መንነትካን ትዕቅብ ዝብል እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ድሕነት ጸጥታ ሳይበር፡ ንምክልኻል ኮምፒዩተርካን ካልእ መሳርሒታትካን እውን የጠቓልል እዩ።

- ኣብ ኮምፒዩተርካ፡ ቴለፎንካን ታብለትካን ሓያል ፓስዎርድ ተጠቐም።
- ኣብ ኮምፒዩተርካ ጸረ-ቫይረስ ሶፍትዌር ተጠቐም።
- ፓስዎርድኻ ወይ Personal Information Number (PIN ውልቃዊ ቍጽሪ ሓበሬታኻ)) ምስ ዝኾነ ሰብ ኣይትወሃሃብ።
- ናይ ህዝቢ ኮምፒዩተራት ክትጥቀም ከለኻ፡ ዝኸፈትካዮም ዌብሳይታት ኩሉ ግዜ ኣጥፍኣዮም።.
- ካብ ዘይፈልጦም ሰባት ንዝመጽኣካ ኣታችመንትስ ወይ ሊንክስ ኣብ ኢመይላትካ ኣይጠውቕ ወይ ኣይትኽፈት።
- ኣብ ናይ ውልቅኻ ማሕበራዊ ሜድያ ኣድራሻታት፡ ነቲ ናይ ግሊ ሰቲንግ ኣረጋግጾን ውልቃዊ ሓበሬታ ድማ ምስ ዝኾነ ኣይትወሃሃብን።

### Avoiding Scams (ምውጋድ ቅጥፈታት)


መውዓዪ ገዛ፡ መዝሓሊ ገዛን ፍርያት ማይን ወይ ኣገልግሎታት ዝሸጣ ኩባንያታት፡ ካብ ገዛ ናብ ገዛ እናኸዳ ክሸጣ ሕጋዊ ኣይኮነን። ኣብነታት ናይ'ዘን ኩባንያታት፡ ከም ዓበይቲ እቶናት ወይ ፎርኖታት፡ መውዓዪ ማያት፡ ኣየር ኮንዲሽነራት፡ መጽረዪ መተሓላለፊ ቱቦ ወይ ሻምብቆታት ዘጠቓለላ እየን። ንዝኾነ ሓደ ካብ'ዞም ፍርያት ወይ ኣገልግሎታት ውዕል እንተደኣ ኩቲምካ፡. ከም ፍሩስን ስሩዝን እዩ ዝቑጸር።

ገለ ገበነኛታት፡ ካብ Canada Revenue Agency (CRA ካናዳ ረቨኑ ኤጀንሲ) ወይ ፖሊስ ከም ዝኾኑ ኣምሲሎም፡ ብቴለፎን ጌሮም፡ ሰባት ከዕሽዉ ይኽእሉ እዮም። ሓለፍቲ ካብ CRA ኮነ ወይ ፖሊስ፡ ገንዘብ ደልዮም ኣይክድውሉልካን ወይ ውዕላት ኣይክፍጽሙን እዮም። ገንዘብ ስደድ ዝብለካ ወይ ውልቃዊ ሓበሬታኻ ሃበኒ ዝብል ጻውዒት ናይ ቴለፎን እንተደኣ ተቐቢልካ፡ ነቲ ዝድውለልካ ዝያዳ ሓበሬታ ሕተቶ ወይ ንሱፐርቫይዘሩ ክትዘራረብ ተወከሶ። እቲ ዝደወለልካ፡ እንተደኣ ነጺጉካ፡ ነቲ ቴለፎን ኣቋርጾ። ከምዚኦም ዓይነት ናይ ቴለፎን ጻውዒት እንተተቐቢልካ፡ ንፖሊስ ሓብር።

### ምንጪታት ሓበሬታ

Ontario Ministry of Government (ሚኒስትሪ ምምሕዳር ኦንታርዮ)ን Consumer Services (ኣገልግሎታት ዓሚልን)
ontario.ca

1-855-626-0002
https://orientationontario.ca



Funded by / Financé par :

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada


Better Business Bureau (BBB ዝበለጸ ቤት ጽሕፈት ንግዲ))
bbb.org

Canadian Anti-Fraud Centre (ማእከል ጸረ-ስርቂ/ምትላል ካናዳ) 1-888-495-8501

ንዘየድልዩ ወይ ዘጠራጥሩ ኢመይላት፡ ናብ spam@fightspam.gc.ca ልኣኹ።

ብዛዕባ ስርቂ ናይ መንነት፡ ኣብ ዌብሳይት Government of Ontario (ምምሕዳር ኦንታርዮ) ዝያዳ ተማሃር። ontario.ca

ንተርእዮታት ጸረ-ድሕነት ሳይበር ወይ ስርቂ መንነት፡ ናብ'ቲ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ክፍሊ ፖሊስ ጸብጻብ ኣሕልፍ።



orientation to ontario
l'ontario c'est chez moi